ዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ውሽጢ ቤት ፅሕፈቱ ዝርከብ ዝተፈላዩ ዘገልገሉን ዝተሰባበሩን ቁርፅራፃትን ንብረታት ጣውላታት/ፈርኒቸር/ ፣ ሓፂን መፂን ፣ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንብረታት ፣ ናይ መኪና ጎማን ባትርን ከምኡ ካለኦትን ዝበሉ ዘገልገሉ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሰነ 16, 2018 ( ቅድሚ 2 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 30, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 30, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

Ref.NO./1:66.5555/ra/1453

Deto/ዕለት 16/10/2018ዓ/ም

ጨረታቁፅሪ ጨ-02/2018ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ውሽጢ ቤት ፅሕፈቱ ዝርከብ ዝተፈላዩ ዘገልገሉን ዝተሰባበሩን ቁርፅራፃትን ንብረታት ጣውላታት/ፈርኒቸር/ ፣ ሓፂን መፂን ፣ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንብረታት ፣ ናይ መኪና ጎማን ባትርን ከምኡ ካለኦትን ዝበሉ ዘገልገሉ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለ ዝደለየ ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቛሒታት እተማልኡ መቕረብቲ ንክትወዳደሩ ፃውዒቱ ብኣኽብሮት የቕርብ:-

ብተወዳደርቲ ክማልኡ ዝግበኦም ረቛሕታት

1. ተወዳደርቲ በቲ ዓውደ ስራሕ ናይ ዘመኑ 2018ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ፣ መፍለዪ ቁፅሪ /ቲን ናምበር/ ናይ ግብሪ ከፋላይ ኮፒ ሰርቲፊኬት ከቕርብ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ።

2. ተወዳደርቲ ካብ ቤት ፅሕፈትና ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ካብ ዕለት16/10/2018ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 29/10/2018ዓ/ም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓት ብምምፃእ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 200 /ክልተ ሚኢቲ ብር/ እናኸፈልኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

3. ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 30/10/2018ዓ/ም በቲ ዕለት ልክዕ ሳዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ሳዓት እንትኸውን ጨረታ ዝኸፈተሉ ብተመሳሳሊ ዕለት 30/10/2018ዓ/ም ልክዕ ሳዓት 4:30 ናይ ቅድሚ ሳዓት ሕጋውያን ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት፡ ጨረታ መኽፈቲ ብካላንደር ኣብ ዝዕፆ መዓልቲ እንተዳኣ ውዒሉ ኣብ ዝቅፀል ናይ ስራሕ መዓልቲ ብተመሳሳሊ ሳዓት ይኸፈት

4. ተወዳደርቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ መኣዚ ክፍሊት ቾክ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሌቴር ኦፍ ክረዲት (CPO) ብር 15,000_ብሸም ቤት ፅሕፈትና ከትሕዝ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ። ኣብ እዋን ምኽፋት ጨረታ ተወዳዳራይ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ እንተዘይተረኺቡ ጨረታ ዝኽፈት ምኻኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

5. ሰዓራይ - ሰዓራይ ምኳኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ እቲ ዝኽፈል ዋጋ ናይ ዘሸነፎም ሙሉእ ብሙሉእ ምስ ከፈለ ኣብ ውሽጢ 7ተ /ሸውዓተ/ ተኸታተልቲ መዓልትታት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ መፅዓንን መራገፍን ክወስድ ይግባእ። በቲ ዝተገለፀ መዓልትታት ዘይወስድ እንተኾይኑ ግና ዘትሓዞ CPO ናብ ቤት ፅሕፈትና ኣታዊ ይኸውን።

6. ተወዳደርቲ ኣብ ሕድ ሕድ ናይ መወዳደሪ መረዳእታኹም ከምኡ እውን ኣብ ናይ ዋጋ መምልኢ ቅጥዒ ናይ ትካልኩም ማህተም እንተሃልዩ ማህተም ሽምን ፌርማን ዝዓረፎ ክትገብሩ ማህተም እንተዘይብልኩም ድማ ሽምን ፊርማን ክትገብርሉ ኣለኩም ፣ ኣብ እትመልእዎ ዋጋ ስርዝድልዝ ብዘይብሉ ብኢንቮሎፕ/ፖስታ/ ዓሺግኩም ንዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን ብ/ምም/ርን ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ክተእትዉ ኣለኩም።

7. ተወዳደርቲ ዋጋ እንትመልኡ ኣብ ዝተዳለወልኩም ሰነድ ጨረታ ጥራሕ ንክትመልኡ ንሕብር። ኣብ በዝሒ ናይቲ ንጨረታ ዝቐረበ ንብረት ክውስኽን ክቕንስን ይኽእል እዩ፡ ኣብ ነፀላ ዋጋን ጠ/ዋጋን ኣፈላላይ እንተጋጢሙ ነፀላ ዋጋ ዝውሰድ ይኸውን።

8. ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ። ኣድራሻና፡ ትግራይ -መቐለ - ዋና ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ውሽጢ ግቢ ሓወልቲ ሰማእታት መቐለ ኣቲኹም ክትረኽቡና ትኽእሉ::

➢ ንዝተደለየ ሓበሬታ ብሞባይል ቁፅሪ:- 0914 124252 /0952564069 ብምድዋል ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ምስ ሰላምታ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle